# ዕስራ ሰነ ዝኽሪ ሰማእታት

መዓልቲ ዝኽሪ ስዉአትና
ሂወቶም ወፊዮም ነጻነት ዘልበሱና
ኣዕጽምቶም ከስኪሶም ድልድል ዝሰርሑልና
ደሞም ዝፈሰሰ በጃ ንህዝብና
ንዘክሮም ብሙሉእ ልብና

ዘስካሕክሕ'ዩ ነይሩ ናይ ውገእ ተመኩሮ
ድምጺ መዳፈዕ ልከዕ ከምከበሮ
ካብ ልከዕ ሓሊፉ ኣእዛን ክጸወሮ
ኣብ ፈቀዶ ሩባ ፈቀዶ ስንጭሮ
ንረሳ ጸላኢ ገርካዮ ዝሮምሮ

መረት በሌዑካ ፍልሖ ባይታ
ነቲ በሊሕ ኣእምሮኻ ዘይብሉ መሰታ
ንቅዲ ኲናት ዘይትደሊ ሓበረታ
ምስ ጸላኢ ገጢምካ ሓኒቅካ ብኳለታ
ህዝብኻ ተዓናጺፉ ናይ ነጻነት ሽታ
ሽቶ እ ወቂዓ ዝሰሓብካያ ቃታ

ንኽብሪ ዘኽርኻ ተወሊዓ ሽም ዓ
ወትሩ ክንዝክረካ የዒንትና ክነባዓ
ኲሉ ይትክዝ ሽማግለ ቆል ዓ
ከይንርሳዓካ ናእቱ መብጻዓ
ሂወትካ ዘሕለፍካ ዕድመ ብጭል ቃዓ
ክንዲ ጋማ መእሳር ክንዲ መር ዓ

ምስ ጸላኢ ኩናት ምስተገብረ

ጅግና ስዉእ ጎየየ ዓንደረ

አቶወ ጽ ዕጹዕ ዓውዲ ውገእ ዓወት ወይሞት ፈከረ

ንጸላኢ ልቡ አጥፋአሉ እናጨደረ

ዓወት አብ ሌዕሊ ዓወት ተደርደረ

ረሳ ጸሊ ተኾመረ

ብስራት ነጻነት ተጀመረ

ጀጋኑ ድፋዕ ጸላኢ ሰባቢሮም

ጥይት ይቅበሉ አብ ግንባሮም

ንሰፍ ዘይብል አጽዋራት ሶብየት

መህረም ጭቁናት ናይ አድሓርሓርቲ ፍርያት

ብሓይሉ መንዜዑ ተጋዳላይ ሓየት

አብ ገዛ ተጻባኢ ኮነ አውያት

ስለዚ ዕስራ ሰነ ኩራዓትና

ዉፉያት አሕዋት አሓት ዝሓደጉልና

መብጻዓ ናቶም ከይጠለምና

ንቃለስ ንመሰል ንማዕርነት ህዝብና

ክብርን ሞጎስን ንስዉአትና

ነቶም ነጻነት ዘልበሱና

ንሓርነት ምቅላስ ግደ ናትና

**ጆርጆ ሃብተ ካብ ሳንሆዘ**

ካሊፎርኒያ